# ዝርዝር ዜናታት ዓወት ጀጋኑ ተጋደልቲ ዲምሓኩኤ

ብዕለት 20/06/2015 ጀጋኑ ተጋደልቲ ዲምሓኩኤ ኣብ ከባቢ ባረንቱ ኣብ ልዕሊ ጸላኢ መጥቃዕቲ ምፍጻሙን ንዝርዝራቱ ክተከታተሉ ዓዲምና ምንባርና ዝዝከር እዩ፡፡ እንሆ ዝርዝር ዜና ዓወታት፡-

ተጋደልቲ ዲምሓኩኤ ብዕለት 20/06/2015 ኣብ ከባቢ ባረንቱ ቢሪሞ ካንተሪ ናይ ጸላኢ ስለያ ጺዒና ኣብ ልዕሊ ትኸይድ ዝነበረት ኤነትሪ መኪና መጥቃዕቲ ብምኽፋት ነታ መኪና ብምቅጻል ካብ ስራሕ ወጻኢ ከም ዝገበራ ካብ ንቁጣ ጀጋኑ ዝመጸና ዜና ሓቢሩ፡፡ ከምኡ እውን ተጋደልቲ ዲምሓኩኤ ኣብዚ መጥቃዕቲ ኣብ ልዕሊ ስለያ ህግደፍ ከቢድ ኪሳራ ከም ዘውረዱ እቲ ዝመጸና ዜና ወሲኹ ሓቢሩ፡፡

ብተመሳሳሊ ዜና ተጋደልቲ ዲምሓኩኤ ብዕለት 22/06/2015 ሰዓት 8፡00 ኣብ መንጎ ጎሉጅን ገርገፍን ዲቢያ ብምክያድ ንብረት ጸላኢ ጺዒና ትኸይድ ኣብ ልዕሊ ዝነበረት በጣሕ መኪና መጥቃዕቲ ብምፍናው ነታ መኪና ካብ ስራሕ ወጻኢ ክገብራ እንከሎ ኣብ ንብረት ጸላኢ ከቢድ ኪሳራ ከም ዘውረደ ካብ ንቁጣ ጀጋኑ ተጋደልቲ ዝመጸና ዜና ሓቢሩ፡፡ ኣብዚ ብኣርፒጂን ቡንባን ከላሺንን ዝተሰነየ መጥቃዕቲ ኣብ ልዕሊ እታ መኪና ዝነበሩ ሰለስተ ኣባላት ህግደፍ ከም ዝተቐትሉ ተፈሊጡ፡፡ ድሕሪ እዚ ዕውታት መጥቃዕቲ ተጋደልቲ ዲሞክራሲያዊ ምንቅስቓስ ሓርነት ኩናማ ኤርትራ ዲምሓኩኤ ናብ ቦታኦም ብሰላም ከም ዝተመልሱ እቲ ዝመጸና ዜና ኣረጋጊጹ፡፡

ብሕቡራት መንግስታት ዝተመዘዘት ኣጻራይት ኮሚሽን፡ ኣብ ኤርትራ ስርዓት ህግደፍ ዝፍጽሞ ዘሎ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላትን ምጽናት ዓሌት ኣመልኪቱ 484 ገጽ ዝሓዘ ርፖርት ኣብ ዘቕረበሉ ዘሎ እዋንን፡ ነዚ ዝቀረበ ሪፖርት ንምድጋፍ ኣብ ኩሉ ኩርናዓት ዓለም ዝርከቡ ደለይቲ ፍትሒ ብሰላማዊ ሰልፊን ብዝተፈላለየ መንገዲ ደገፉቶም ኣብ ዘበርክቱሉ እዋን ዝተኻየደ ዕውት መጥቃዕቲ ምኻኑ ፍሉይ ይገብሮ፡፡ ስለዚ ጀጋኑ ተጋደልቲ ዲምሓኩኤ ነዚ ሪፖርት ብምድጋፍ ህዝቢ ኤርትራ ብፍላይ ህዝቢ ኩናማ ነጻነት ረኺቡ ሰላምን ፍትሕን ማዕርነትን ክሳብ ዝረጋገጽ ኣብ ልዕሊ ስርዓት ህግደፍ ዝወስዶ ስጉምቲ ኣጠናኺሩ ክቀጽል ምኻኑ ካብ ወታሃደራዊ ቤት ጽሕፈት ዲምሓኩኤ ዝመጸና ዜና ኣብርሁ፡፡

**መትካላት ዲምሓኩኤ ንዘልኣለም ክዕንብቡ እዮም!!!**
**ቤት ጽሕፈት ዜናን ፖሮፖጋንዳን ዲምሓኩኤ**